*Embassy of the State of Eritrea*
*United Kingdom*

**London: 2 May 2010** **REF: SEMINAR-REP/Sheffield**

# ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ሸፊልድ

ከም መቐጸልታ ናይቲ ኪካየድ ዝጸንሐ መኸተ ንእገዳ መኸተ ንምሕያል ሃገራዊ ዓቕምን ኣኼባ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሸፊልድ 1 ግንቦት 2010 ብኣምባሳደር ተስፉሚካኤል ገራህቱን ሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት ወሮ ሓረጉ ተስፉማርያምን ተኻይዱ። እዚ ሰሚናርዚ ኣካልን መኽፈትን ናይቲ ኤምባሲ ኤርትራ መበል 19 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኣብ ጥሙር መኸተ ንእገዳን መኸተ ንምሕያል ሃገራዊ ዓቕምን ብዝሓየለ ንምውዓል፡ <u>“ወርሒ ግንቦት ምእንቲ መዓልቲ ናጽነት”</u> ዝብል ካብ 1 ግንቦት ክሳብ 30 ግንቦት ዝዝርጋሕ ተሓንጺጹ ዘሎ ዝተፈላለየ ንጥፈታት መኸተ ኢዩ።

ኣብቲ እስታት 80 ዜጋታት (ዳርጋ 90% ካብኦም መንእሰያት) ዝተሳተፉዎ ኣኼባ፡ ኣምባሳደር ተስፉሚካኤል ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብ መእተዊ ናይ መግለጺኡ ድማ ኣብ ጀነቫ ዝተራእየ ጽንዓትን መንፈስን ኤርትራውያን ብምድናቕ፡ ካብ ሸፊልድ ወከልቲ ብምስዳድ ዝተራእየ ተሳታፍነትን ዝነበረ ተሳታፍነት ኣብ ምፍራም ፐቲሽንን ዝነኣድ ምንባሩ ገሊጹ። ሸፊልድ ኣብ ዝሓለፈ 2 ዓመት ቅድመ ግንባር ናይ ኩሉቲ ካብ ላንደን ወጻኢ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ጥሙር መኸተ ምኻና ኣኣርጋጊጻ ምህላዋ ብምሕባርውን ቃልሶም ብዝሓየለ ኪቕጽሉ ኣተባቢዑ።

ኣምባሳደር ኣብቲ ሰሚናር ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገር፡ ቀጻሊ መኸተ ንእገዳ፡ ኣንፈት ምሕያል ሃገራዊ ዓቕሚ ሃገርን ኣንፈት ልምዓትን፡ ኣብ ብሪጣንያ ዘሎ ስትራተጅን ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታትን ተራ ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ሸፊልድ፡ ምዕባይ ተራን ኣበርክቶን ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ ዓቕሚ፡ ኣገልግሎት ሚሽንን ኣንፈቱን ርክባት ምስ ቆንስላዊ ኣገልግሎታት ሚሽንን ኤርትራውያን ኣብ ሸፊልድ ብፍላይ ኣብ ፓብሊክ ዲፕሎማሲ ኣብ ከባቢኦም ኪጻወትዎ ዝግባእ ተራን ዝምልከቱ ኣርእስትታት ኢዩ መግለጺ ሂቡ። ኣብ ቀጻሊ 3 ወርሒ ተሓንጺጹ ዘሎ ንጥፈታት ጥሙር መኸተ ብፍላይ ድማ መደባት መኸተ ንእገዳ'ውን ሓበሬታ ኣቕሪቡ።

ብመሰረት እቲ ዝቐረበ መግለጺ እዚ ዝስዕብ ገለ ካብቲ ብተሳተፍቲ ዝቐረበ ዝተፈላለየ ሕቶታትን ርእይቶታትን ዝሓዘለ ጉዳያት ኢዩ፦

- ድሕነት ሃገር ንምሕላው ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መግስቶምን ደው ከምዝብሉን ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር ንምሕያል ከምዝጽዕቱን፡
- ማሕበረ ኮም ንምሕያል ኣብ ቆልዑ፡ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን በቲ ተጀሚሩዎ ዘሎ መንገዲ ንምሕያሉ ኪጽዕሩ ስለዚ ድማ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ማሕበራት ቆልዑ፡ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኪምስርቱ፡


*96 White Lion Street, London N1 9PF* *Tel: +20 7713 0096* *Fax: +20 7713 0161*
*e-mail: paamba@eriembauk.com*

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

- ኣብ ሸፊልድ ተጀሚሩ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ንምድልዳሉ ኣበርክቶታት ኪዛይድ፡
- መንእሰያት ዝሓየለ ተራ ኪጻወቱ ምትብባዕ ኪግበር፡
- ሓድነት ማሕበረ ኮም ንምሕያል ዝካየድ መኸተ ኪቕጽል፡
- ኣብ ሸፊልድን ከባቢኡን ኣብ ደቂ ዓድን ወጻእተኛታትን ምስሊ ኤርትራ ንምዕባይን ኣዕሩኽ ኤርትራ ንምፍጣርን ኤምባሲ ኣገባባን ሓበሬታን ኪወሃብ፡
- ኤምባሲ መሰል ዜጋታቱ ንምሕላው መታን ኪኽእል ጥቡቕ ርክብ ኪህሉን ሓበሬታ ነብሰወከፍ ኤርትራ ኪጥርነፍን፡
- ምስ መንግስቲ ብሪጣንያ ዘሎ ደረጃ ዝምድናታትን ንምሕያሉ ዘሎ ኣንፈትን፡
- ካብዚ ሓሊፉ ማሕበረ ኮም ንኪሕይል ኩሉ ሰብ ብገንዘብን ጉልበትን ኣበርክቶኡ ከዛይድን ተሳታፍነት ንምስፋሕ ድማ ቀጻሊ ጻዕርታት ኪግበርን፡

እቲ ምይይጥን ዝቐረበ ሓሳባትን ዓሚቑ ኣብ ልዕሊ ምንባሩ ድማ ኣብ ውሽጢ ካልኣይ ርብዒ ዓመት ድሕሪ በዓል ናጽነት ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ንመንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝምልከት ፍሉይ ኣኼባታት ኪካየድን እቲ ማሕበራት ተመስሪቱ ሓያል ምንቅስቓስ ከካይድን ንቆልዑ ኣብ ምጥርናፍ ድማ ብዝበለጸ ኪስረሓሉን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ድሕሪ እቲ ኣኼባ ተሳተፍቲ መኸተ ንእገዳ ንምቕጻል ናብ ፕረሲደንት ኦባማ ኪመሓላለፍ ተጀሚሩ ዘሎ ደብዳቤታት ፐቲሽን ኣብ ቀጻሊ ግዜ ብዝሰፍሐ ኪቕጽል ምኳኑ ብምርግጋጽ ክሳብ ሕጂ ዝተፈረመ ኣስታት 140 ዝኸውን ደብዳቤታት ምልኣኽ ኪጅመር ስጉምትታት ወሲዶም።

ቅድሚ እቲ ህዝባዊ ኣኼባ ኣቐድም ኣቢሉ ኣብቲ ተጀሚሩ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ምስ ገለ ካብ ወለዲ ተመሃሮ፡ መምሃራንን እቶም ተመሃሮን ርክብ ተኻይዱ። ኣብቲ ዝተገብረ ምይይጥ ንተመሃሮ ኣብ ልዕሊ ምትብባዕ ብዛዕባ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ መደብ ምስ ወለድን መምሃራንን ሓሳባት ብምልውዋጥ ንምሕያሉ ኪግበር ዘለዎ ጻዕርታት ምይይጥ ተኻይዱ። እቲ ቀዳም-ቀዳም ዝካየድ ዘሎ ቤት ትምህርቲ፡ ማሕበረ ኮም ከም ናይ ቀረባ መደብ ብትግርኛ ዓረብን ቆልዑ ንምምሃር ብዝሓንጸጾ መደብ መሰረት ንግዚኡ በቲ ዝርካቡ ዓቕሙ ብቋንቋ ትግርኛ ኣተኣታትዩዎ ዘሎ ኣስታት 30 ቆልዑ ዝሓቑፍ ዕዉት መደብ ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ጉጅለ መዲያን ሓበሬታን

*36 White Lion Street, London N1 9PF   Tel: +20 7713 0096   Fax: +20 7713 0161*
*e-mail: paamba@eriembauk.com*

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com